## ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ፡ ብቑዕ ዜጋ ዝህነጸሉ ህዝባዊ ስርዓተ ትምህርቲ ክህሉ ኣይክእልን'ዩ።

ስርዓት ህግደፍ ድሕሪ ምርግጋጽ ነጻነት ኤርትራ፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ጽቡቕ ምዕባለ ከምዘርኣየ፡ በብዓመቱ ብዙሓት መንእሰያት ብዓቐንን ዓይነትን ካብ ላዕለዋይ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ብዝተፈላለዩ ሞያታት እናሰልጠኑ ይምረቑን ኣብ ምህንጻ ሃገር ዓቢ ግደ ይጽወቱ ከምዘለውን ወግሐ ጸብሐ ክልፍልፍ ይስማዕን ይረአን። ንምዃኑ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ'ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ብዓይነቱ ኮነ ብዓቐኑ ዝተሃንጸ ኣብያተ ትምህርቲ ክሳብ ክንደይ ዝኸውን'ዩ? ኣብተን ዝርካበን ኣለዋ ዝበሃላ'ኸ ኩሉ መዳያዊ ብቕዓት ዘለዎ፡ ተራካቢ ሃገር ዝኾነ ዜጋ ተሃኒጹ ዝወጽኣሉ ዕድል ኣሎ ድዩ ዝብል'ዩ ቀንዲ ቁም-ነገር ናይ ሎሚ መልእኽትና።

ኣብ ታሪኽ ምዕባለ ሕብረተ-ሰብ ከም'ቲ ምስላ ኣቦታትና፡ "ዘይተማህረ ነይድሕን ዘይተወቅረ ነየጥሕን" ዝብልዎ ትምህርቲ ኣብ ህንጸት ሃገር ወሳኒ ተራ'ዩ ዘለዎ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ትምህርቲ መሰረት ናይ ፍልጠትን ምዓብለን ናይ ኩሉ ዜጋን ሃገርን ስለዝኾነ። እዚ ህንጸት'ዚ ግን፡ ብተራ ኣካዳሚያዊ ዓይኒ ጥራሕ ርኢኻ ዝግምገም ኣይኮነን። ሓደ ወለዶ ብጹቡቕ ተኾስኲሱ ክዓቢ እንተደኣ ኮይኑ፡ ብቐዳምነት ኣብ'ቲ ሕብረተ-ሰብ፡ ዝተመቻቸአ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ …ወዘተ ጥዑይ ሃዋህው ክህሉ ይግባእ። ኣብ'ዚ ተራ መንግስቲ፣ ሕብረተ-ሰብ፣ ወለድን መማህራንን ኣብ ምቕራጽ መጻኢ ዕድል ናይ'ቲ መንእሰይ ወልዶ ነናቶም ዘይተኻሽእ ተራ'ዩ ዘለዎም። ካብ'ዚኦም ኩሎም እቲ ዝዓበይ እጃም ክጻወት ዘለዎ ግን መንግስቲ'ዩ።

ጥዑይ ስርዓተ ምሕደራ ዘለዎ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ እንተደኣኮይኑ፡ ዕላማ ናይ ትምህርቲ ናይ ህዝቢ ጠቕምን መሰላትን ንምሕላው ዘገልግል፡ ናይ ሃገር ነጻነትን ምዕባለን ዘረጋግጽ ህዝባዊ ስርዓተ ትምህርቲ ምህናጽ ዝዕላማኡ'ዩ ዝኸውን። በዚ ከኣ እቲ ናይ ትምህርቲ ራእን ተልእኾን ማእከሉ፡ ብኣካዳሚያዊ ዓቕሙ ዝለዓለ፣ ብስነ-ምግባርን ስነ-ዜጋን ዝተሃንጸ፣ ስራሕ ፈጣርን ፈታዊ ሃገሩ ዝኾነ ተመሃራይን፣ ኩሉ መዳያዊ ብቕዓት ዘለዎ ተረካቢ ዓዲ ዝኾነ ዜጋን ምህናጽ'ዩ ዝኸውን። ነዚ መሰረት ብምግባር ከኣዩ፡ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ናይ ትምህርቲ ብቕዓቱን ጽሬቱን ዝሓለወ ትምህርቲ ክወሃብን ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ብምምጻእ፡ እኹል ዝኾነ ፍልጠትን ክእለትን ዝጨበጡ፡ ህይወቶም ናብ ዝሓሸ ደረጃ መሪሖም፡ ንህዝቦምን ሃገሮምን ዘማዕብሉ፡ ርእሰ ተኣማንነት ዘሕድሩ ዜጋታት ክፈርዩ ዝኽእሉ። ስለዚ ከኣ ህዝባዊ መንግስቲ ነጻ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ንኹሉ ዜጋ ክወሃብ ዘይጠቕጠበ ቀጻሊ ቃልሲ እናካየደ፡ ናይ ሃገር ስነ-ፍልጠትን ተክኖሎጅን ደረጃ ንምዕባይ ዘኽእሎ፡ ምስ ማእቶት ብቐጥታ ዝተኣሳሰርን ንዕቤት ሃገራዊ ኢኮኖሚ ዘድሊ በዓል ሞያ ዘፍሪ፡ ነጻ ትምህርቲ ከስፋሕፍሕ ዝገብርን።

ናይ ሓሳብ ነጻነት ኣብዘይፍቅዱ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዓፊኖም ኣብ ዝሓዙ፡ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ጨፍጨፍቲ መለኽቲ ስርዓታት ግን፡ ሰላምን ምርግጋእን ልዕልና ግዝኣተ ሕግን ስለዘየለ፡ እቲ ሕብረተ-ሰብ ምዕባለኡ ዝተዓግተ ስለዝኾነ፡ ዝኽተልዎ ስርዓተ ትምህርቲ ብቑዕ ዜጋ ዝፈርየሉ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። ስርዓት ህግደፍ ከኣ ሓደ ካብ'ዞም ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ዝኾኑ ጨፍጨፍቲ ስርዓታት'ዩ። መንእሰይ ወለዶ ንጸቢብ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታቱ ከገልግሎ ዕድመ ስልጣኑ ከናውሓሉ፡ ብወተሃደርን ወተሃደርነትን ኣተሓሳስባ ክምልመል፣ ኣብ ፎቖዶ ካምቦታት ጅሆ ክተሓዝ፣ ከም ጊላ ነጻ ጉልበቱ ክምዝመዞ፣ ኣብ ዘባረየ ዘይፍትሓዊ ኩናት ክጠብሶ ጸኒሑን ዘሎን። ኣብ ትሕቲ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣዕናዊ ፖሊሲ፡ ከመይ ኢሉ'ዩ መንእሰይ ወለዶ፡ ሎሚ'ዶ ጽባሕ ይገፉኒ፣ ይኣስሩኒ፣ ይርሽኑኒ ኢሉ ተሸቚሪሩ ሽለብ ገለብ እናበለ እንከሎ፡ ቀሲኑ ክመሃርን ከመራመርን ዝኽእል? በዚ ዝኣክል'ዶ ኣይኮነን ኣብ ከቢድ ማሕበረዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ቅልውላው ምስ ወደቐ ናብ ስደት ዝውሕዝ ዘሎ? ኣብ ትሕቲ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ እቲ ዝርካቡ ኣብ ሃገር ተሪፉ ዘሎ መንእሰይ ወለዶ፡ መጻኢ ዕድሉ ዘጸልምት ውድዕነት እናሃለወ ከመይ ኢሉ'ዩ ርእሰ ተኣማንነት ዘሕደረ፡ ኣወንታዊ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ከምጽእ

ዝኸእል? ብቑዕ ኣፍራዪ ዜጋን ተረካቢ ሕድሪ ሃገር ኮይኑ ክህነጽ ዝኽእል? ስለዚ ከኣ እቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ኣወንታዊ ምዕባለ የመዝግብ ኣሎ'ኹ ኢሉ ዝዝምረሉ ዘሎ ምስ'ቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት ዘይቃዶ ምኻኑ ዘርኢ ሓቂ'ዩ።

ንምኻኑ ነዚ ኣዕናዊ ፖሊሲታቱ ከተገልግሎ'ዶ ኣይኮነትን ወተሃደራዊ መዓስከር ሳዋ ዝተመስረተት። እቲ መንእሰይ ኣብ'ዚ ወተሃደራዊ መደበር'ዚ ኣብ ልዕሊኡ ብዝፍጸም ግፍዕታት'ዶ ኣይኮነን ናይ ቅድሚኡ ዝጸንሑ ሓርበኛታት ኣያታቱ ታሪኽን ተመክሮን ሃገራዊ ፍቕሩ ክልሕልሕ ዝጅምርን ናይ ስደት ኣተሓሳስባ ኣማዕቢሉ፡ ህድማ  ንሱዳን እናጸዓቐ ዝመጽእ። ነዚ ክቆጻጸር ክብል ዶ ኣይኮነን ተወሲኹቲ ወተሃደራዊ መደበራት፡ ኣብ'ቲ ሓያል ሞቐት ዘለዎ ምብራቓዊ ክፍልታት ኤርትራ ዊዓን ክሊማን ከፊቱ ክሳቐዩ ክገብር ዝጸንሐ። ንምኻኑ ኣብ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ 26 ዓመታት፡ ክንዳይ ዝተሰርሓ ዩኒቨርሲቲታት ኣለዋ'የን ብዓቐንን ብዓይነትን ዓመት ዓመት እናመረቐና፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ጽቡቕ ምዕባለ ነርኢ ኣለና ኢሉ ወግሐ ጸብሐ ካብ'ተን ውሱናት ኮለጃት ዝምረቑ ዜጋታት ኣብ መስኮት ተለቪዥን ደጋጊሙ እናርኣየ፡ ከም ሓደ ዓቢ ስራሕ ዘዐወተ ገይሩ ፕፕሮፖጋንዳዊ መናፍሓት ዝገብር ዘሎ? እታ እንኮ ካብ ግዜ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣትሒዛ ዝነበረት፡ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ፡ ብ2005 ምስ ዓጸዋ ዛጊት ኣይተኸፍተትን።  ኣብ ከተማታት ይኹን ኣብ ገጠራት ኤርትራ ክንደይ ዝኾና ናይ መባእታ፣ ካልኣይን ላዕለዋይ ደረጃታት ትምህርቲ ስለ ዝሃነጸ ኸዩ እዚ ኩሉ ጃህራን ነፍሕታትን? ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ሞያዊ መምህርና'ኸ ግቡእ ክብሪ ኣለዎ ድዩ? እዚ ዓውዲ'ዚ ብጽፈት ከሰላሰል፡ ወሳኒ ተራ ዝጻወቱ መማህራን ሞያኦም ኣብ ምዕባይ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ህይወቶም ኣብ ምምሕያሽ ዝሕግዞም እንታይ ዝተገብረ'ዶ ኣሎ'ዩ። ብቤተሰኦም ተሓጊዞምን ክሳብ መዓልታዊ ናይ ጉልበት ስራሕ እናሰርሑን 'ዶ ኣይኮኑን ህይወቶም ዝመርሑን ዝምህሩን ዘለው። ስርዓት ህግደፍ ነተን ኣብ ዝተወሰነ ከባቢታት ተሃኒጸን ዝብለን ኣብያተ ትምህርቲ ኣጋኒኑ፡ ብዙሕ ሃኒጽናን ሰጒምናን ኢና ኢሉ ዝምድረሉ ዘሎ 'ምበኣር ምስ'ቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ዝቃዶ ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ እቲ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ውድዕነት፡ ከም'ዚ ስለዝኾነ ድማ ኢና፡ ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ፡ ብቑዕ ዜጋ ዝህነጸሉ ህዝባዊ ስርዓተ ትምህርቲ ክህሉ ኣይክእልን'ዩ ዘበለና።

ብሓልዮት ደሞክራስዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 19-05-2017